ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
مكتب الرئيس

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
Office of the Chairman
yusuf.berhanu@yahoo.com

# መልእኽቲ መሪር ሓዘን

ሓዉ ተጋዳላይ ጀኣል ያሲን ሓጎስ ኣበራ ሎሚ ዕለት 15/05/2022 ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩና። ክንድ'ቲ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን፡ ብምሩጽን ዝግባእን ቃላት ክንገልጾን ከነሰንዮን ኣዝዩ ከቢድ እዩ። እዚ ክቡር ብጻይ ካብ ማህጸን ሃገራዊት ስድራ ቤት ዝተወልደን፣ ብመንፈስ ሃገርነት ተመልሚሉ ዝዓበየን ኮይኑ፡ ወዲ ስዉእ ዶር. ያሲን ሓጎስ ኣበራ እዩ። ብንእስነቱ ሜዳ ተሰሊፉ፡ ምእንቲ ሃገሩን ህዝቡን ከቢድ ዋጋ ዝኸፈለ ተባዕ ሃገራዊ ሓርበኛ ምንባሩ መቓልስቱ ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ።

ስዉእ ጀኣል ሰፊሕ ፍልጠት ዝዉንን ምሁር ባእታ ብምንባሩ፣ ፍልጠቱ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ከመስክር በቒዑ ኢዩ። በሊሕ ተመራማርን ዓሚቝ ናይ ታሪኽ ኣፍልጦ ዝዉንን ዝነበረን ወዲ ሃገር'ዩ። እቲ ሓቀኛ ታሪኽ ኣቦታት ተደፊኑ ንኸይነብር፣ ናብ ሓድሽ ወለዶ ንምስግጋሩ ዝገብሮ ዝነበረ ዘይሕለል ጻዕሪ መግለጺ ምስክርነት ሃገራዊ መንነቱ ኮይኑ፡ ሓዉና ጀኣል ብሞት ካብ'ዛ ዓለም ምፍላዩ፡ ኣብ ልዕሊ ደምበ ተቓዉሞ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ መላእ ደላይ ፍትሒ ህዝብና ድማ ብሓፈሻ ዓቢዩ ክሳራ ስለ ዝኾነ፣ ዝስማዓና ሓዘን ደረት የልብሉን።

ሓርበኛ ጀኣል ያሲን ሓጎስ ኣበራ ለዋህ፡ ፈታዉ ሰብ፡ ፍልጠቱ ንኻልኦት ከካፍልን ክምልምልን ድሕር ዘይብልን፣ ተቓሊሱ ዘቃልስን ሃገራዊ ብምንባሩ ንዘልኣለም ዘይሃስስ ታሪኽ ገዲፉልና ሓሊፉ እነሆ።

ኣብ ሃገርና ኤርትራ፡ ፍትሕን ዲሞክራስን ማዕርነትን ንኸነግስ ስዉእ ጀኣል ያሲንን ኩሎም ሃገራውያን ሓርበኛታት ዘካየድዎ ቃልሲ፡ ኣብ መዕለብኡ ከነብጽሖን ብዕቱብነት ቃልስና ክንቅጽሎ ምኳንና፣ ኣብዛ መራር ናይ ምፍላዩ ግዜ ደጊምና መብጻዓና ነሐድስ።

ብስመይን ብስም ኩሎም ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ንኸቡር ጀኣል ያሲን ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ይቀበሎ፣ ንኽብርቲ ወላዲቱን ንመላእ ኣብ ሃገርን ኣብ ወጻእን ዝነብሩ ስድራ ቤት ኣበራ ሓጎስን፡ ንፈተዉቱን ኣዕሩኽቱን ንኹሎም ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሕን ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃብኩም ይሃበና።

ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ
ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
15/05/2022